ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማታት ክልል ትግራይ ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 27, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 10, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:4000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 10, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ከቅርብ ዝክእል፤

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል፤

3 ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ኮይኑ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል፤ ናይ ወርሒ ጥሪ ሒሳብ ዝገበርሉ መረዳእታ ክቅርብ ዝክእል፤

4 በቲ ዘፈር ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ኮይኑ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር ክቅርብ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማታት ክልል ትግራይ ዳ/ዕ/ፋ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 10 ካብ 25/06/2011ዓ/ም -10/07/2011ዓ/ም ኣብ ዘሎ መዓልቲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ዝተዳለወ ሰነድ ምውሳድ ይክእሉ፤

6 ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ዋናን ሓደ ቅዳሕን ነንበይኑ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መቅረባይ ሽም ፣ ትካል ኣድራሻ፣ ስ.ቁፅሪን ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ም'ኺኑን ናይ ዝጫረትሉ ቤት ዕዮ ሽም ክሕብር ኣለዎ፤

7 መከበሪ ጨረታ 4000.00 ሽሕ ቅርሺ ብሽም ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማታት ክልል ትግራይ ብጥረገንዘብ ወይ ሲፒኦ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክእል፤

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብቲ ቤት ዕዮ ንብረት ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝክእል፤

9 ውዕሊ ካብ ዝአሳረሉ ዕለት ጀሚሩ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ኣታዊ ክገብር ዝክእል፤

10 እቲ ጨረታ 10/07/2011ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅ.ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ ልምዓት ደኣንት ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከተማታት ክልል ትግራይ ፊት ለፊት ፕላኔት ሆቴል ሰናይ ዘበን ህንፃ 2ይ ደብሪ ዳ/ዕ/ፋ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 10 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቲ ኣብ ዘለውሉ ዝክፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምህላዎም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጎልን፤

11 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሓወሰ ክኸውን ኣለዎ፤እንተዘይኮይኑ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰ ርዱእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተገይሩ ይውሰድ፤

12 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ጨረታ ካብዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን30 መዓልታት ይከውን፤

13 እቲ ኤጀንሲ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

14 እቲ ኤጀንሲ ካብ ዝግዛእ ንብረት ዓቀን ከምኣድላይነቱ 20 ሚኢታዊ ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ፤

15 ዝክፈተሉ ዕለት ኣብ ናይ መንግስታዊ ወይ ሃይማኖታዊ በዓል እንተኮይኑ ዝቕፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይከውን፤

16 ሰዓራይ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀነ ጥራሕ ኣታዊ ይከውን፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0342-406363 ደወልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle